# ካብ ኣንደር ዊዓ 13 እሱራት ኣምሊጦም።

07/ January/ 2017

ብ- 29/ 12/2016 (13) እሱራት ካብ **ኣንደር ዊዓ** ከምዘምለጡ ምንጭታት ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ኣረጋጊጾም።

ካብ ኣንደር (ባስካ) ዊዓ ክልተ ኣባላት ሓለዋን እሱራትን ዝርከቡዎም ብድምር ዓሰርተ (13) ሰለስተ ዜጋታትና ኣምሊጦም ኣለዉ። በዚ ኩነታት ዝተሻቐለ ስርዓት ኤርትራ፡ ካብ ዕለት 29/ 12/ 2016 ክሳብ 03/ ጥሪ/ 2017 ኣብ ዘሎ መዓልታት ንዘምለጡ እሱራት ንምህዳን ክልተ ኣገባባት ተጠቒሞም ዝከኣሎም ጻዕሪ ኣካይዶም ኣይተዓወቱን። ንሳቶም ድማ፥

<u>**ቀዳማይ፥**</u> ሓንቲ ጋንታ ንዘምለጡ እሱራት ንምህዳን ንሩባ ሓዳስን ከባቢኡን ተዋፊራ፡ ክሳብ ገማግም ዓዲቐይሕን፡ ሰንዓፈን ዝርከቡ ቦታታት ተፍትሽ ኣካይዳ። <u>**ካልኣይ፥**</u> ንብሎኮታት ዓዲቐይሕ፡ ሰገነይትን ደቀምሓረ ዓጽዮም ንዝሓቱን ዝወጽእን ሲቪል ህዝቢ ጽዑቕ ምክትታል ክገብሩ ቀንዮም። እንተዀነ ግና ክሳብ ሕጂ ዋላ ሓደ እሱር ስለዘይሓዙ መደባቶም ከምዝፈሸለ ተረጋጊጹ ኣሎ። ብኣንጻሩ ድማ እቶም ካብ ማእሰርቲ ዊዓ ኣንደር (ባስካ) ዘምለጡ እሱራት ናበይ ከምዘበሉ’ውን ኣይተፈልጠን።

ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ዊዓ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከብ ቦታ ኮይኑ ከባቢ ፎሮ እዩ። ብሓደ ወገን ከም ቦታ ታዕሊም ስለዘገልግል ድሕረ ባይትኡ፡ ከም ቦታ ታዕሊም ኮማንዶ ወይ ቦታ ታዕሊም ክፍለ ሰራዊት 35 ዝብል ቅጽል ስም’ውን ኣለዎ። ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ድማ ካብ August/ 2001 **ተመሃሮ ዩኒቨርሲቲ** ዝተኣሰርሉ ክልተ ንጹሃት ምሁራት ድማ ዝሞትሉ ታሪኽ ዘለዎ ቤት ማእሰርቲ’ዩ። ዊዓ ከም ቦታ ብፍላይ ካብ ወርሒ 05- 09 ( May – September) ኣብዘሎ ኣዋርሕ ከም ወቕቲ ዉዑይ ስለዝኾነ ደረቕ ሙቐት ዘለዎ ኩነታት ኣየር ድማ ካብ 40- 45 °C ዲግሪ ይበጽሕ።

ማእሰርቲ ዊዓ ብልሙድ ኣጸዋውዓ እሱራት፡ ዚንጎን ኣንደርን ዝብል መፍለዪ ኣስማት ኣለዎ። እቲ ኣንደር Under ዝጽዋዕ ብግዜ መግዛእቲ ጥልያን ዝተኹዕተ ዒላ ወይ መዕቆሪ ማይ ባስካ እዩ። ነዚ ትሕቲ ምድሪ ዒላ (ባስካ) ንምእታው መሳልል ወይ ኣስካላ ገይርካ ዝውረድ’ዩ። ወዲ ሰብ ኣብ ዝተጠቕሰ ሙቐት ኣብ ዒላ ኣትዩ ክእሰር፡ ብተወሳኺ ብሰንኪ ብዝሒ እሱራት ዝተበከለ ኣየር ዝፈጥሮ ናይ ምስትንፋስ ጸገም። ብሰንኪ ሕጽረት ብርሃን ዝፍጠር ናይ ዓይኒ ጋህሚ Night Blindness. ናይ ቁርበት ዘይሓዊ ማዳ። ኣብ መነባብሮ ዝነበሩ ሕጽረት መግቢ። ኣብ መደቀስን ናይ ሽንትን ቀልቀልን ጉድለት ጽሬት ዘይንቡር ኣገባብ ዘኸትሎ ጥዕናዊ ጉድኣት ብሓደ ወገን። ብኣንጻሩ ድማ መሰል ግቡእ ክንክን ጥዕና ዘይምርካብ በቲ ካልእ ደሚርካ ክራአ ኮሎ፡ ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዝተፈጥረ ኣካላዊ፡ ሞራላውን ኣእምሮኣውን ከቢድ ጉድኣት ከምዘስዓበ ኩሎም ግዳያት ዊዓ ዝምስክርዎ ሓቅታት እዩ።

ክልተ **ካህናት ደብሪ ኣቡነ ሞንቆርዮስ :** ብምኽንያት ቅትለት ሳምሶም ገዝጊሄር (ወዲቐሺ) ሲቪል ጀነራል ዝተኣሳሰር ጉዳይ፡ ኣብ ኣብ ዊዓ ተኣሲሮም ነይሮም። ኣብ ልዕሊ’ዞም ክልተ ካህናት ብፍላይ ንሃይማኖታዊ ስነምግባርን ክብርን ዝተንከፍ ንእምነቶም ዝቕይር ናይ ካህናት ኣልባሶም ክድርብዩ ይኹን ኩሉ ዓይነት ጸቕጥን ግፍዕን ከምዝተፈጸመ ዝፈልጡ እሱራት ኣብ ደገ ኣለዉ።

ኣብ ድኻን ዕድግን ሓለፍቲ ዊዓ ብክቡር ዋጋ ዝሸየጥ ኣቑሑት ኣሎ ሓደ ካብኡ ድማ **መሽረፈት** እዩ። ምኽንያቱ ብፍላይ ኣብ ዝተጠቕሰ ናይ ሙቐት ኣዋርሕ ኣብ ዉዑይ መሬት ክድቕሱ ይጽገሙ። እሱራት ብደረቕ ሙቐት ትንፋስ ስለዝሓጽሮም ይኹን ብብዝሒ ረሃጽ ስለዘንጠብጥቡ ድማ : ገለ ኣየር ንምርካብ መሸረፈት ገይሮም ነብሶም ከዝሕሉ ኣእዳዎም ክሳብ ዝርብርብ የንበድብዱ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ግና **መሽረፈት ትርጉማ ቐይራ** ኣገልግሎታ ድማ ፍሉይ ኣገዳስነትን ክብሪን ሒዛ።

እዚ ድማ ነቲ ጨካን ባህርያትን **ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛን እሱራት** ስለዝምስክር ንገበን ኣንጻር ሰብኣውነት ዘረጋግጽ እዩ። ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ካብ 2009 ኣትሒዙ ከምዝፈረሰ ናብ ካልእ ቦታ ድማ ከምዝገዓዘ ዝፍለጥ’ዩ። ይኹን’ምበር ፕሮፖጋንዳዊ ጸወታ ተጠቒሞም፡ ማእሰርቲ ዊዓ ኣንደር (ባስካ) ግና ብሓዲሽ መልክዕን ስልትን ይቕጽል ምህላዉ ድሮ ተቓሊዑ ኣሎ።

**ስለዚ፥** ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዊዓ ዝተኣሰርኩም ብዙሓት ግዳያት ኣብ ዲያስፖራ ስለዘለኹም ቀጥታዊ ምስክርነትኩም ወሲኽኩም ክትድርዕዎ፡ ወይ ድማ ትፈልጥዎ ሓበሬታ <u>ብኣድራሻና</u> ክትሰዱልና ብኣኽብሮት ንዕድም። ኣስማትኩም ንምግላጽ ወይ ስምኩም ምዕቃብ ከም ዝመረጽኩሞ ኣገባብ ኣኽቢርና ከምነቃልሖ ድማ ደጊምና ነረጋግጸልኩም።

<u>ምንጪ ሓበሬታ:</u>
ክፍሊ ዜናን ባህልን “ ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ”። Email: uedf2012@gmail.com website: **www.erifront.com**